# ኢዩ። ብመንግስቲ ዝሕገዝ ናይ ስደተኛ ፕሮግራም

አብ ካናዳ፡ አብ ትሕቲ ናይ ብመንግስቲ ዝሕገዝ ናይ ስደተኛ ፕሮግራም ክትሰፍር ትኽእል። እዚ ማለት ንካናዳ ብናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ ስደተኛታት (UNHCR) ወይ ካልእ ትካል ንካናዳ ክትሰፍር ተጠቍምካ ማለት ኢዩ።

ማመልከቻኻ እንተድአ ተቀባልነት ረኺቡ፡ መንግስቲ ካናዳ ወይ ጠቅላይ ግዝአት ናይ ኲበክ ብገንዘብ ክሕግዙኻ ኢዮም ንሓደ ዓመት። ብመንግስቲ ዝምወል ስፖንሶርሺፕ፡ ብንሓደሽቲ ስደተኛታት አገልግሎት ዝህባ፡ ወሃብቲ አገልግሎት ትካላት ተባሂለን ብዝጽውዓ ትካላት እዉን ይመሓደር ኢዩ። እዘን ትካላት እዚአተን አብ ናይ ካናዳ ህይወት ብጽቡቅ ክትተአታቶ ክሕግዛኻ ዝደልያ ኢየን ።

## ናይ ምምልካት አገባብ ወይ ፕሮሰስ - ካብዚ ቀጺልካ ዝውሰድ ስጉምቲ

- 
- ንስኻን አባላት ስድራ ቤትካን ካናዳ ቅድሚ ምምጻእኩም ናይ ሕክምና መርመራ ክትገብሩ ይግበአኩም።
- ናይ ሕክምና መርመራ፡ ምስ ቅድሚ ምንቃልካ ዝግበር ካልእ ናይ ሕክምና አገልግሎታት [ብመንግስቲ ](#)ካናዳ ኢዩ ዝኽፈል።

  ድሕሪ ቃለ መሕትት ማለት ኢንተርቪዩ፣ ንሕክምና ክትጽዋዕ ብአዋርሕ ዝቁጸር ግዜ ክወስድ ይኽእል። ድሮ መርመራ ዘይገበርካ እንተዘይኮንካ፡ ኢንተርናቲኦናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ዝበሃል ትካል ወይ ድማ ቤት ጽሕፈት ናይ
- ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ምስ ዝያዳ ሓበረታ ክራኽቡኻ ኢዮም።

  ናይ ገበንን ናይ ጸጥታን ምርመራ እዉም ክትገብር ይግበአካ። እዚ፡ ቅድሚ ሕጂ ከቢድ ገበን ከምዘይፈጸምካን ከምኡ እዉን
- ናይ ጸጥታ ጠንቂ ከምዘይኮንካን ንምርግጋጽ ኢዩ።

  ናይ ካናዳ ናይ መንግስቲ ሓለፍቲ ንናይ ሕክምናን፡ ጸጥታን፡ ገበንን ምርመራ ምሕላፍካን ምትራፍካን ክውስኑ  ዘእቶኻዮ
- ምልከታ ክምርምርዎ ኢዮም። እንተዘይተሓቲትካ፣ ካልእ ሓበረታ ምእታው አየድልየካን ኢዩ።
- ናይ ሕክምናን፣ ጸጥታን፣ ገበንን ምርመራ እንተዘይሓሊፍካ፡ አብ ካናዳ መጺእካ ክትነብር አይክትምረጽን ትኽእል።

  እንተድአ ናይ ሕክምናን፣ ጸጥታን፣ ገበንን ምርመራ ሓሊፍካ፡ ኒኢንተርናሾናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ወይ ካልእ
- ትካል፡ ንካናዳ ንምምትመጽእ ክትቀራረብ ክሕግዙኻ ክትሓቶም  ኢያ።

  አብ ገሊአተን ሃገራት፡ ቅድሚ ምንቃልካ፡ ብነጻ ዝወሃብ ዓዲ መተአታተዊ ወይ መላለዩ ትምህርቲ ክትወስድ ክትዕደም ኢኻ። እዚ፡ አብ ወጻኢ ምስ ካናዳ ምልላይ፡ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ነጻ ትምህርቲ እዚ ብመንግስቲ ካናዳ ዝኽፈል ኮይኑ፣ ብ ኢንተርሽናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ትካል ኢዩ ዝወሃብ። አብዚ ትምህርቲ እዚ፡ ብዛዕባ ካናዳን ብዛዕባ አብ ካናዳ ምስ አቶኻ ምስ ዓዲ ክትላለ ክትጥቀመሉም ትኽእል አገልግሎታትን ኢኻ ትመሃር።

- ሰራሕተኛታት ናይ ኣብቲ ከባቢ ኣገልግሎት ተሀብ ትካል ነዚ ዚስዕብ ይሕግዙኻ፡ ০ ናይ ትነብረሉ ዘሎኻ ጠቅላይ ግዝኣት ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ምምልካት ০ናይ ስድራ ሓኪምን ናይ ስኒ ሓኪምን ምርካብ

  - ሓበረታ ብዛዕባ ናይ ትምህርቲ ስርዓትን፡ ደቅኻ ትምህርቲ ክምዝገቡ ምስልላጥ
  - ፎርምታትን ማመልከቻታትን ምምላእ
  - ናይ ጽሑፍን ናይ ዘረባን ኣስተርጎምቲ ምርካብ
  - ምስ ከማኻ ዝኣመሰሉ ማለት ከም ናትካ ባህልን ዝንባሌታትን ዘለዎም ሰባት ንምርኻብ
  - ናይ ባንኪ፡ናይ መጉዓዝያ ወዘተ ኣገልግሎት፡ ንምጥቃም
  - ዘድልዩኻ ነገራት ገምጊሞም፡ ንዓኻን ንስድራኻን ኣብቲ ኮሙኒቲ ምስ ዝርከብ ዝተፈልየ ንዓኻ ዝኸዉን ኣገልግሎታት ምሕባር
  - ናይ ቋንቋ ምልክኻ ምምሕያሽ፡ ንስራሕ ምድላዉን ስራሕ ምርካብን፡ ወዘተ

መንግስቲ ካናዳ ምስ ናብራ ናይ ካናዳ ክትላለ ናይ መፈለምታ ሓገዛት ክገብረልካ ኢዩ። ግን ከዓ፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ትጽቢት ካይትገብር ኣገዳሲ ኢዩ።

ናይ ካናዳ ሕይወትካ ብዓወት ዝተመልኤ ንግትገብሮ ኣበርቲዕካ ክትሰርሕ ተቀረብ።

ቁጠባዊ ሓገዝ ካብ መንግስቲ ካብ ዝመጻእካሉ ጊዜ ጀሚርካ ክሳዕ ሓደ ዐመት ወይ ድማ ነብስኻ ክሳዕ ትኽእል ኢዩ፡ ኣቀዲሙ እንተ ሰለጠ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ንነብስኻን ስድራኻን ክትኣሊ ክትክእል የድልየካ።

